# ሎምስ ይኣክልዶ፡ ክሳብ መዓስ ብዓቕሊ ?          ነሓሰ፡2022

ኤርትራ ከም ሃገር ከይትቐውም ህዝባ መንነት ኣልቦ ክኸውን ከደምትን ኣኸደምትን ንዓመታት ብስውሩን ብጋህድን ዝደኸምሉ እኩይ ስራሕ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ግን ኣብ ማእከሉ ሕንፍሽፍሽ ከየእተወ ከምቲ ንሶም ዝምነይዎ ብኣውራጃ ዓልየት ሃይማኖት ወይ እንዳ ከይሓሰበ ሓድነቱ ኣደልዲሉ ኣንጻር ኩሉ ወራራት፡ ዓሎቕ፡ ዝምታ፡ ሓሶት፡ ሕብሪ ዓይኒ፡ ሽርሕታትን እገዳታትን መኪቱ።

ነዚ ልዕሊ 80 ዓመት ኣቑጺሩ ዘሎ ተጻብኦ ሓያላት ሃገራት ህዝቢ ኤርትራ ብመሪሕ ውድቡ ህዝባዊ ግንባር ተጠርኒፉ 30 ዓመት መሪር ቃልሲ ኣካይዱ ብመስዋእቱ ወናኒ ነጻነቱን ባንዴርኡን ኮይኑ። ኤርትራ ከም ሃገር ቀይማ፡ ዶባታ ኣኽቢራ፡ ሰላም ዝነገሳ ሃገር ኮይና ኣላ። ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝፍጠር ጊዜ ኣትሒዙ ብስነስርዓትን ዲስፕሊንን ተሃኒጹ ስለዝዓቢ ጽቡቕ መሰረት ምትሕልላይን ሓድነትን ፍቕርን ተመጊቡ ዝነብር ህዝቢ እዩ። ሳላ እቲ ክውፈን ክርህጽን ክደክምን እምበር ንጅቡኡ ዘይሓስብ ድልዱል መንግስቲ ዘለና ሃገርና ሰላም ዓሲልዋ ኣሎ። ካብኡ ሓሊፉ ውን ንናይ ጎረባብቲ ሃገራት ኣብ ምንጋስን ምርግጋእን ሰላም ከባቢ ዓቢ እጃም ኣብ ምብርካት ይርከብ ኣሎ።

ነዚ ኤርትራ ኣብ መሬታን ከባቢ ቀይሕባሕርን ዘለዋ ሰላምን ምርግጋእን ዘየቕስኖም ገበትን ሓያላትን ዓለምና፣ ንኤርትራ ኣብ ዓዘቕቲ፣ ድኽነት፣ ልመናን ስደትን ኣእትዮም ህዝባ ፍሕፋሕ ኣቢሎም መንግስቲ ገልቢጦም ክርእዩ ናይ ዓመታት ድልየቶም እዩ ኔሩን ዘሎን። ኣይተዓወቱን ግን። ህዝቢ ኤርትራ ከም ሃገርን ህዝብን ከይቀውም ኣብ ኣመሪካ ተጫጭሓ ብስም ሃይማኖት ዝንቀሳቐሳን ዝምወላን ትካላት ኣዋፊሮም ዕላምኣን ክወቕዓ ዘርጊሖመን።          ዕላምኣን ንፈጣሪ ተፈላለየ ስም እናሃባ ኮነ ኢለን ህዝቢ ብዛዕባ ሃገሩን ልምዓቱን ከይሓሰበ፡ ከምዝለምስን ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ንምግባር እዩ። ወላ ንገለ ንጥፋት ሃገራውያን ዝነበሩ ኣብዚ ማሕለኻ ኣእትዮም፡ ኤርትራ ንዕኦም ከምዘይትምልከቶም ጌረሞም ኣለዉ። እዚ ድማ ብውሑድ ሽነኹ ድኣ ይኹን እምበር ስምብራት ገዲፉ እዩ። ኣብ ናይ ምዕራባውያን ሚድያ ውን ብውሕሉል ኣዘራርባ ዝመስል ግን ከኣ ብሓሶት ተሸፊነ ኤርትራ ሃይማኖት ዘይክበረላ ሃገር እያ እናበሉ ስም ኤርትራ ካብ ምድዋን ዓዲ ኣይወዓሉን።

እዞም ሓያላት ሃገራት ካብዚ ሓሊፎም ነቶም ብርእሰ ምትሓት ዝሳቐዩ መራሕቲ ትግራይ ብኽድምና ዓሲቦም ኣንጻር ኤርትራ ከምዝልዓሉ ጌረሞም እዮም። መራሕቲ ትግራይ በታ ጸባብ ወይ ዘይትሓስብ ሓንጎሎም ካብ 70 ኣትሒዞም ንሕልሚ ዓባይ ትግራይ ከተግብሩ ዘይተኣደነ ሓገዝ እናረኸቡ ናይ ጽልኢ ቃልሶም ኣካይዶም። ከምኡ ውን ኣብ ኣዲስኣበባ ኣብ ስልጣን ዝነበርሉ ጊዜ 27 ናይ ስርቅን ግብረሽበራውን ዓመታት ንኤርትራ ከምቲ ንኢትዮጵያ ፋሕፋሕ ዘበልዋ ነቲ ናይ 1976 ሕልሞም ከተግብሩ ዘይተኣደነ ተጻብኦታት ኣካይዶም እዮም። ሰለስተ ቅሉዕ ወራራት ኣብ ዶብ ንዝርከብ ህዝብና ንብረቱ ጥሪቱ፡ ዚንጎ ገዝኡ ቀንጢጦም ዘሪፎም፡ ብነፈርቲ ደብዲቦም፣ መቓብር ሰማእታት ፈሒሮም ንውሉድ ወለዶ ዘይሃስስ ሕማቕ ታሪኽ ገዲፎም ሓሊፎም ኣለዉ። ይቕረ ዘይብሃለሉን ዘይርሳዕን ገበን።

ብምትሕብባር ሓያላት ሃገራት ብምኽንያት እገዳ ጌሮም ሓድነት ኤርትራ ዘሪጎም መንነት ህዝባ ደምሲሶም ኤርትራዊ ዘርኢ ዘየብላ ሃገርን ቀይሕባሕሪ ክውንኑ ክሳብ ሎሚ ወላ ተዳኺሞምን ሞይቶምን እንከለዉ ሕልሞም ኣየቋዋረጽን ዘሎ።

ኣብቲ ዝሓለፈ ዓመታት ከም ዝርኣናዮ ካብ ምዕራባውያን ተዋህቦም ዕዮ ገዛ ንምትግባር፡ ስነኣኣምሮኣዊ ኩናት ከፊቶም ቅድም ንኤርትራ ብእገዳ ነጺሎም፡ ብቑጠባ የዕንዮም፡ ህዝባ ፋሕፋሕ ኣቢሎም፡ መንእሰይ ኣልቦ ሃገር ጌሮም እቲ ዝኣረገ ሕልሞም ከተግብሩ እዩ ኔሩ ድልየቶም። ነዚ ዘቀላጥፍ ኣብ ዶባት ኤርትራ ሰደኛታት መአከቢ ኖቑጣታት ብምምስራትን ዘድሊ ምዕዋዕን ጌሮም እዮም። ኩሉ መንእሰይ ሃገር ገዲፉ ክወጽእ እሞ ክጽንቀቕ ኣፎም ሃህ ኣቢሎም ዝጽበዩ ኔሮም። ከይሓነኹ ነቲ ትማሊ ብሰንኪ ሕብሪ ዓይኑ ካብ ጽቡቕ መነባብርኡ ሰድራ ካብ ኣባላታ ንገለ ብቡሬ ንገለ ብሞያለ ፈላልዮም ከምዘባረርዎ ረሲዖም፡ ኤርትራውያን ክልል ትግራይ ዓድኹም እዩ ምጹ እናበሉ ነቲ ዘሰግኦም መንእሰይን ሰራዊትን ከፍልሱን ከሰድዑን ከንቱ ፈተነ ኣካይዶም እዮም።

ነቲ ብሰዉር ዘካይድዎ ዝነበሩ ንኣብ ወጻእ ዝነብር ኤርትራዊ ንምብትታን ብጋህዲ ካብ ማሕበረኮማት ክሳብ ናብ ሰድራን ውልቀ ሰባትን ወሪዶም ወራርን ቴሮርን ከካይዱ ዘይተኣደነ ባጀትን ሰባትን መዲቦም እኩይ ስርሖም ተታሒዞሞ። እቶም ነዚ ስራሕ ዝተመደቡ ኣብ ትግራይን ኣብ ወጻእን ኣሰልጢኖምን ፍሉይ ትምህርቲ ሂቦም ጀነራላት ከይተረፉ፣ ናብ ኩሉ ኤርትራዊ ዝርከቦ ሃገርን ቦታን ኣዋፊሮም። እዚኦም ድማ ተጋሩ ኮይኖም ምስ ብትሕተ ሃገራውነት፡ ኣውራጃነት፡ ሃይማኖት ሕማም ዘለዎም፡ ዝኾረዩ፡ ዝጠፈሹ፡ ጥቕሞም ዝጎደሎም፡ ዝወደቑን ብገንዘብ መንነቶም ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘውረዱን ቁማርጂን ኣኻኺቦም ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቖሎ ብዝዓይነቱ ንኤርትራ ከድምዩ እተዓጥቁን ፋሕ ብትን ከእትዉን ጺዒሮም እዮም። ብተወሳኺ ኣብ Medien ከም YouTube, Facebook, Twitter, Instagram, Clubhouse, TV Kanal, Radio ፍሉይ ወጻኢ ብምግባርን ኣንጻር ኣብ ወጻእን ውሽጥን ዘሎ ኤርትራዊ ተፈላለየ መርዛም መልእቶም ብምስዳድ ንዘይፈልጦም ከደናግሩ ፈቲኖም። ምስዚ ዝኸይድ ኮነ ኢሎም ስድራቤታት ኤርትራ ብሰላም ልዋም ለይቲ ከይድቅሱ ለይቲ ለይቲ ቴሌፎን ብምድዋል ኣብ ወጻእ ዘለዉ ደቖኩም ኣጠንቅቖዎም። እዚ መንግስቲ እዝዶ፡ እዚ ህግደፍዶ እናበሉ ድቃስ ዝኸልኡ ጸይቀ ዕሉላት ኣዋፊሮም ንተወሰነ ጊዜ ሰብ ረቢሾም ኔሮም። ኣብ ፈስቲቫላትናን በዓላትናን ይዕበ ይንኣስ ዕሱባት ብምልኣኽ ብሰላም ከይካየድ ክዘርጉ ኩሉ ጊዜ ምስ ፈተኑ። ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ንገብረሉ ጊዜ ነቶም ክዘርጉ ዘዋፍርዎም ዕሱባት ካብቲ ዝኸፍልዎም ደሞዝ ተወሳኺ ወጻኢታትን መብጽዓን ብምግባር ናይ ባቡር፣ ኣውቶቡሳትን ሆቴላትን ፍሉይ ወጻኢ ብምኽፋል ኣዋፊሮም ኣይሰለጦምን። ከምኡ ውን ቆንስላትና ኤምባሲታትናን ማሕብረኮማትና ብምውራር ስራሕ ከም ዝዝረግ ጌሮም እዮም።

ድሕሪ ናይ 27 ዓመት ኢትዮጵያን ኤርትራን ከባብን ምሕማስ ኣብ መቓለን ደደቢትን ተወሺቦም ስራሕ ሸፍትነትን ግብረሽበራውን ዘካይዱ ዘለዉ መራሕቲ ጁንታ ጃንዳ ወያነ ስርሖም ገና ቀጻሊ እዩ ዘሎ። ዋላ እኩዋ ካብ ስልጣን ይባረሩን ይወሸቡን እምበር እቲ ን27 ዓመት ዝዘረፍዎ፡ ዝሰረቑዎን ውዕለት ክድምንኦም ዝኣከብዎን ገንዘብ ገና ኣይተወድኣን ስለ ዘሎ እቲ ተጻብኦ ቀጻሊ እዩ። እዚ ስጋብ ዘሎ ውን ግብረሽበራዊ ስርሖም ክቕጽል እዩ።

እዚ ንዓመታት ዝቐጸለ ዳርጋ 50 ዓመት ኣቑጺሩ ዘሎ ፈስቲቫላትናን በዓላትናን ኮንፈረስን መህደፍን ባህላዊ ውርሻ ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ስለ ዝኾነ፡ ብዝረብሑን ዘይረብሑን እኽብካብ መንነቶም ዘይፍለጥ ብስም ኣብ ኤርትራ ተወሊዶም መንነት ዝሓዙ፡ ቀጭኣን ጸብኣን በሊያም ሰትዮም ዝዓበዩ፣ ብባንን ሻህን ጎረቤት ዝዓበዩ፡ ኣቦታቶም ብትኽክል ዘይፈልጡ ደቂ ጦር ሰራዊት ክዝረግ ድልየት የብልናን። ኣዴታትናን ኣሓትናን ካብ እዝነን ካብ

ሽልማት ወርቂ ዝምንጥሉ፡ ህጻናት ካብ ዓርብያ ዝድርብዩ፡ ሽማግለታት ኣቦታት ካብ ብሽክለታ ዘጽድፉ፡ ናብ ቤተጸሎት ዝኸዱ ኣቦታት ብኻራ ዝቐትሉ፡ ሎሚ ክሳብ ብፋስዶ ብኻራ ክንሓርደኩም ኢና ይትረፍዶ ክብሉስ ከምኡ ምህቃኖም ውን ንባዕሉ ዘቕጽዕ እዩ። ምሕሳቦም ጥራይ እኹል እዩ። ሎምስ ኣይኣኽለናንዶ ክሳብ መዓስ ኢና ብዓቕሊ ክንጽበ?
ብመንነት ኤርትራ ( ዑቕባ ብስም ኤርትራውያን ሓቲቶም ) ከይኣክል ጠሪጣስ እንተትሓንኽ ከም ዝባሃል ኮር ተገልበጥ ኮይኑ ነገሩ!! ሽፍታ ዝዕንድረሉ፣ ሰላማዊ ዝሰቑረረሉ ጊዜ ክኸውን የብሉን።

እዞም ዑሱባት እዚኦም ዝሓለፈ ዓመታት ብድሕሪ መጋረጃ ናይ ምዕራባውያን ኣጆኹም ስለዘይተፈለዮም ሽቢያም እዮም ኔሮም። ሕጅኸ እንታይ ንጽበ ኣለና? ከምዚ ናይ ሳሕል ፕረሰ ተበግሶ ጌርና ኣቦስቶ ከነእትዎም ኣለና። ምፍርራህን ግብረሽበራን ንዝገብር ብሕጊ ጠልጠል ናይ ምባል መሰልን ዓቕምን ኣለና። በቢ ንነብረሉ ሃገር ብጥርኑፍ ብሃገራዊ ሽማግለታትን ማሕበራትን ሓደ መደብ ይውጻእ። ነዞም ሕጊ ዝጥሕሱን ዘፈራርሁን መዕገቲ ዝኸውንን ንጠበቓን ንናይ ሕጊ ኣማኸርትን ዝኸውን በቢከተምኡ ገንዘብ ተዋጺኡ፣ መሰልና ከነኽብርን ሰላምና ከነውሕስን ኣገዳሲ እዩ። ኣዴታትና፡ ኣሕዋትና ደቅና ብሓፈሻ ኩሉ ኤርትራውያን ቀሲኖ፣ በዓላት ፈስቲቫላትን ኮንፈረንስን ክንጽንብል ክንክእል ኣለና።

ኤርትራ ንምዕናውን ምፍራስን ዝብል ዕላማ ክሳብ ዝሓዙ ብሰላም ከምዘይገድፉና ፍሉጥ እዩ። እዚ ኣበይ ከይበጽሑ ዝብል ዘረባታት ጊዚኡ ዝሓለፈ ይመስል ኣሎ። ዘድሊ ሰላምን ቅሳነትን ንኽነኽብር ስለዝኾነ ዕላማና ነዞም ተረፍ መረፍ ልኡኻት ኣቦኦምን መዋሊኦምን ጁንታ ወያነ ኣብ ጉድጉዋድ ኣትዩ ስለ ዘሎ ናይ ዓቕሊ ጽበት ከዕለብጡ ግድን እዩ። ንሕና ግን ከይተበገሱ ከለዉ ከነዐግሶም ኣለና

ዓወት ንሓፋሽ !!

ተስፋይ ወልደጊዮርጊስ

ጀርመን